ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ
Council of Catholic Hierarchs - Eritrea

# ማራና ታ! “ኣሜን፤ ጐይታ ኢየሱስ ንዓ!”

ዓመት ኢዮቤል 2025 ዓ.ም.ፈ.--- (ዕለት 25 ኅዳር 2024)

*“ብዓሥረይቲ መዓልቲ፣ ናይ ሳብዓይቲ ወርኂ፣ ብመዓልቲ ኅድገት ኃጢኣት፣ ኣብ ብዘላ ሃገርኩም መለኸት ንፍኑ። ነታ መበል ኃምሳ ዓመት ቀድስዎ፣ ኣብታ ምድሪ ንዚነብሩ ኩሎም ከኣ ሓርነት ኣውጁ። እዚኣ ዓመት እልልታ ትኹነልኩም”(ሌዋ 25:9-10)።*

ክቡራትን ክቡራንን ስድራ እግዚኣብሔር፣

*“ንኢየሱስ ክርስቶስ እዙዛት ክትኮኑ፣ ብምንጻግ ደሙ ከኣ ምእንቲ ክትነጽሑ፣ በቲ ቀዳሲ ዝኾነ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝኃረየኩም፣ ጸጋን ሰላምን ኣባኻትኩም ይብዛን”* (1 ጴጥ 1:2።)

ቅዱስ ዮሓንስ ወንጌላዊ፣ እቲ *“ኢየሱስ ዘፍቅሮ ካልእ ወድ መዝሙር”* (ዮሓ 20:2)፣ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከማና ሰብ ኮይኑ ካብ ኣዴና ድንግል ማርያም ተወሊዱ ኣብ ማእከልና ምስ ኃደረ *“ንሕና ኩልና ካብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና”* (ዮሓ 1:16) ይብለና። ሎሚ’ውን እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን ዝመጽእ ዘሎ 2025 ዓመተ ምሕረት ብምሉኡ፣ ዓመት ዕልልታ፣ ዓመት ምስጋና፣ ዓመት ንስሓን ዕርቅን፣ ዓመት መንፈሳዊ ዕብየትን ድኅነትን፣ ዓመት ፍቕርን ፍትሕን ሰላምን ክኾነልና ኢላ፣ ቅዱስ ዓመት ኢዮቤል መዲባትልና ኣላ። ነዚ ቅዱስ ዓመት ንምኽፋት ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ *“ተስፋ ኣይተኀፍርን /ኣይትጠልምን እያ”* (ሮማ 5:5) ዝኣርእስታ ሓጻር ሰነድ ልኢኾምልና ኣለዉ። እዛ ተስፋ ዘይተኀፍረና ድማ *“በቲ ዝተዋህበና መንፈስ ቅዱስ ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ስለዝመልአ”* እዩ። ስለዚ ኣብዚ ዓመት ኢዮቤል፣ እምነትና ክነደልድል፣ ተስፋና ክነዕቢ፣ ፍቕርና ክነቃጽል፣ ዕድል ይወሃበና ኣሎ ማለት እዩ። ተስፋ ረኺብና ንካልኦት ምልክት ተስፋ ክንከውን ንጽዋዕ ኣሎና። በዚ ዓመት እዚ ቅድሚ ኩሉ ነቲ እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ድሮ ዝሃበናን ዝገበረልናን እንደገና ፈሊጥናን ተረዲእናን ዓመት ምስጋና ክንገብሮ ክንጽዕር የድሊ። እኖና እግዝእትነ ማርያም፣ *“እቲ ኩሉ ዚኽእል ዓበይቲ ነገራት ገቢሩለይ እዩ እሞ ስሙ ቅዱስ እዩ* (ሉቃ 1:49) ከምዝበለት፣ ከምኡ ከኣ ነፍስ ወከፍና ንኣምላኽና ክነመስግን ብዙኅ ምኽንያት ኣሎና። ንሠለስተ ዓመት ሲኖዶሳዊ ጉዕዞ ኣካይድና፣ ሕጂ ከኣ ናብ ዓመተ ኢዮቤል ንኣቱ ኣሎና። ዝርኢ ዓይኒ፣ ዝሰምዕ እዝኒ፣ ዘስተውዕል ልቢ እንተሎና፣ እግዚኣብሔር ብውልቂ ኮነ ብኃባር ኣብ ልዕሌና ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ካብ ምፍሳስ ከምዘየቋርጽ ክንርኢ ንኽእል።

ኣብ ሥርዓተ ኣምልኾና፣ እዚ ሕጂ ንበዓላት ልደትን ጥምቀትን ንምድላው እንኣትዎ ዘሎና ጊዜ፣ ዘመነ ምጽኣት ተባሂሉ ይጽዋዕ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ሠለስተ ምጽኣት ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ምጽኣቱ እቲ ቅድሚ 2000 ዓመት ኣብ ቤተልሔም ካብ ድንግል ማርያም ምውላዱ እዩ። እቲ ካልኣይ ምጽኣቱ፣ እቲ ዓመት መጸ ብበዓላት ልደትን ጥምቀትን ኣስተርእዮን እነስተንትኖን፣ ዕለት ዕለት ብቃሉን ብምሥጢራቱን ዝገብሮ ምጽኣት እዩ። እቲ ሣልሳይ ምጽኣቱ ድማ ኣብ መጨረስታ ዓለም ንሕያዋንን ንሙታንን ክፈርድ ብክብሪ ዝፍጽሞ ምጽኣቱ እዩ። በዚ ተዋሂቡና ዘሎ ዓመት ኢዮቤል ድማ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብውልቂ ኮነ ብኃባር ይመጽኣና ኣሎ እሞ፣ ከምቶም ቀዳሞት ክርስትያን፣-“ማራና ታ! ፣ ኣሜን ጐይታ ኢየሱስ ንዓ!” (ራእ 22:20) ንበሎ። ትርጉም እዚ ኢዮቤል ቅድሚ ኩሉ ምስ መድኃኔ ዓለም ምርኻብን፣ ንኣኡ ኣዕሚቝካ ምፍላጥን ብተኣማንነት ኣሰር ኣሰሩ ምስዓብን ማለት እዩ። ምስኡ እንተተራኺብና ከኣ ልብና ክውኃእ እዩ፣ ክንንሳሕን ለውጢ ሕይወት ክንገብርን ኢና። ንሱ ከኣ *“እንሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ ኣብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑ ማዕጾ እንተኸፈተለይ፣ ናብኡ ክኣቱ፣ ምስኡ ኣብ መኣዲ ክቕመጥ እየ”* (ራእ 3:20) ይብለና ኣሎ። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ነቶም ቀዳሞት ክርስትያን ጠቒሶም፣ *“ጐይታና ኢየሱስ ንዓ!”* ዝብል ጸሎት፣ ሎሚ ናይ ገዛእ ርእስና ክንገብሮ፣ ይዕድሙና ኣለው (ተስፋ ኣይተኀፍርን እያ፣ ቍ19 ረአ)።

እዚ እንኣትዎ ዘሎና ቅዱስ ዓመት፣ ጉባኤ ኒቅያ (325 ዓ.ም.) ተኻይዱ፣ እቲ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ እንደግሞ <u>ጸሎተ ሃይማኖት</u> ካብ ዝእውጅ ከኣ መበል 1700 ዓመቱ ስለ ዝመልአ፣ ነቲ ኣናቅጽ እምነትና እንደገና ብዝተሓደሰ መንፈስ እነጽናዓሉን እምነትና እነሓድሰሉን ጊዜ እዩ። እግዚኣብሔር ክገብር ከኣ፣ ናይ ምብራቕን ምዕራብን በዓለ ፋሲካውን ኣብ ሓደ መዓልቲ ስለዝውዕል ዘሎ፣ ንኅብረት ክርስትያን ዝዕድም እዩ እሞ፣ ንኩሉ ጊዜ ኃቢርና ከነብዕሎ ምእንቲ ክንሰማማዕ

ፍሉይ ጸሎት ክንገብር ይግብኣና ይብሉና ኣለዉ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቦና ፍራንቸስኮስ። ኢዮቤል ዝጅምረሉ መዓልታት እውን ተሓቢሩልና ኣሎ። እዚ ከኣ ናይ ኣርእስተ ኣድባራት መዓጹ ድንነት ብምኽፋት እዩ ዝፍጸም። መጀመርያ፣ ኣብ ሮማ፣ ቤተክርስትያን ቅዱስ ጴጥሮስ ብ24 ታኅሣስ 2024 ብወግዒ መዓጹኣ ክትከፍት እያ። ድሕሪኡ ብ29 ታኅሣስ 2024 ነፍስ ወከፍ ርእሰ ኣድባራት ኣብ ነፍስ ወከፍ ኤጳርቅና/ሰበኻ መዓጹ ድንነተን ክኸፈታ እየን። ጸሎት ዓመት ኢዮቤል ግን ድሮ ተዘርጊሑ ከምዘሎ ክንፈልጥ የድሊ። እዘን ዝኽፈታ መዓጹ ናይቲ *"ኣፍደገ ኣባጊዕ ኣነ እየ"* (ዮሓ 10:7) ዝበለ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምልክት እየን። ኣብቲ እተን 4 መዓጹ ኣርእስተ ኣድባራት ሃገርና ዝኽፈታሉ ዕለት ሰንበት፣ ዝገደፍና ገዲፍና ክንሳተፍ ሓደራ እብል።

ኣብዚ ዓመት እዚ፣ ንጕዕዞ ሲኖዶሳውነትን፣ ንዓመት ኢዮቤልን ፍሉይ መቐረት እትህበና ካልእ መልእኽቲ እውን ተላኢኻትልና ኣላ። እዚ ከኣ እታ ብ24 ጥቅምቲ 2024 ዓ.ም.ፈ.፣ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ዝለገሱልና፣ *"ኣፈቂሩና እዩ"* -DILEXIT NOS- ዝኣርእስታ፣ ብዛዕባ መንፈሳውነት ቅዱስ ልቢ-ኢየሱስ እትዛረብ ዓሚቝ ኣስተንትኖ ዝሓዘት ሰነድ እያ። ኣብታ ድሮ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፕዮስ መበል 12 ብ1956 ዝዘርግሕዋ፣ *"ካብ ማያት ቅድሑ!"* ዝብል ኣርእስቲ ዝተዋህባ ሰነድ ተመርኲሶም ነዛ ሓዳስ ጽሕፍቶም ለጊሶምልና ኣለዉ። ከምቲ ኢሳይያስ ነቢይ፣ *"ጽሩይ ማይ፣ ንጽሙእ ከምዝሓጐሶ፣ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ከኣ ኬድኅኖም ክሎ ይሕጐሱ"* (ኢሳ 12:3) ዝበለ፣ ናብቲ ምእንታና፣ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ፣ ጐድኑ ተወጊኡ፣ ሕይወት ዝህብ ማይን ደምን ዘፍሰሰ ቅዱስ ልበ-ኢየሱስ ክንቀርብ ንዕደም ኣሎና። በዚ ዝወሃበና ዘሎ ቅዱስ ዓመት ነቲ መድኃኒና *"ኣቱም ኩልኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበድኩምን፣ ናባይ ንዑ፣ ኣነ ከኣ ከዕርፈኩም እየ። ኣነ ለዋህ እየ፣ ልበይውን ትሑት እዩ እሞ፣ ኣርዑተይ ጹሩ፣ ካባይውን ተመሃሩ፣ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም። ከመይ ኣርዑተይ ልዙብ ጾረይ ከኣ ፈኲስ እዩ'* (ማቴ 11:28-30) ዝበሎ ቃል ኣጸቢቕና ነስተማቕሮ።

ናብ ዓመት ኢዮቤል ምእታው ማለት ኣብ ነዊኅ ሱባኤ ምእታው ማለት እዩ። ኣብ ናይ ተስፋ ጕዕዞ ተጸሚድካ ምስጓም እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ንኩሉ ሓዲግካ እተዕርፈሉ፣ ነፍስኻ እትፈቕደሉ፣ ሕይወትካ እተመዓራርየሉ፣ ንድኻ እትሕግዘሉ፣ ምሳኻ ዕዳ ንዘለዎ እትምሕረሉ፣ ዓመት ንስሓን ምሕዳስን እዩ። በዚ ምኽንያት እያ እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን እውን *"ነጋድያን ተስፋ"* ዝብል ጭርሖ ዝመረጸትልና። እዚ ኢዮቤል እዚ እውን ብመንፈስ ሲኖዶሳውነት፣ ማለት ብኅብረት እናተጐዓዝካ፣ ንመንፈስ ቅዱስን፣ ንርእስኻን ንብጻይካን ጽን ኢልካ እትሰምዓሉ፣ ኅብረት ተሳታፍነት ዝሰፈኖ ንንጡፍ ስብከተ ወንጌል ዝድርኽ መንፈስ ዘሕድረልና ዓመት ክኸውን ይግባእ። ቅዱስ ጳውሎስ ኣብዚ ተዋሂቡና ዘሎ ዓመት-ጸጋ'ውን፣ *"ብተስፋ ተሓጐሱ፣ ብጸበባ ተዓገሱ፣ ከየቋረጽኩም ጸሎት ኣዘውትሩ"* (ሮማ 12:12) እናበለ መንፈስ ሲኖዶሳውነት ክንለብስ፣ ኣብ ጸሎት'ውን ክንጽመድ የበራትዓና። ኣብ ርእሲኡ ድማ፣ እዚ ዓመት እልልታ፣ ብፍሉይ ነቶም ዝተሸገሩ ኣኅዋትን ኣኃትን እንሓስበሉን እንረድኣሉን ጊዜ እውን ክኸውን የድሊ። ኦሪት ዘሌዋውያን፣ *"ሽሕ እኳ እታ ምድሪ በታ ዓመት እቲኣ እንተዘይተሓርሰት ንኣኻን ንግዙእካን ንግዝእትኻን ንወዓላይካን ነቲ ምሳኻ ዚነብር ስደተይናን ምግብኹም ክትህብ እያ። ኩሉ ፍረኣ ንማልካን ኣብ ምድርኻ ንዘለዉ እንስሳን ቀለብ ይኹን'* (ዘሌዋ 25:6-7)ይብለና።

*"ነጋድያን ተስፋ"* ኮይንናኸ ናበይን ከመይን ክንነግድ ንኽእል? ንዝብል ሕቶ፣ ቅድሚ ኩሉ፣ ዝኸኣሉ ናብ መቓብር ኣዕማደ ቤተክርስትያን ጴጥሮስ ጳውሎስን፣ ንሮማ ክነግዱ ጽቡቕ እዩ። ስለዚ እቶም ዝሓቱ ብሃገር ደረጃ ብዝግባእ ተዳሊዎም ክኸዱ ይኽእሉ ይኾኑ። ብዝቐልጠፈ ኮሚቴ ቀይሙ ነዚ ጉዳይ ክከታተል የድሊ። ነቶም ንበዝኅ ግን ኣብ ውሽጢ ሃገር ናብ ዝተመደቡ መካናት-ንግደት ብሰበኻ ኮነ ብሃገር ደረጃ ተለልዮም፣ ብጳጳሳት ክንገሩና እዮም። ክሳዕ ሽዑ ግን ነቲ ድሮ ዝተወሰነ መኽፈቲ መዓልታት ኣድላይ ምድላዋት ክግበር ሓደራ እብል። ንስሓ እንኣትወሉ፣ ምሕረት ኣምላኽ እንረኽበሉ፣ ብሓጺሩ ሕይወትና እነሓድሰሉ ዓመት ስለዝኾነ ሸለል ክንብሎ የብልናን።

እዚ ዓመት ኢዮቤል ኣብ ቤተክርስትያን ካብ 1300 ዓ.ም ዝጀመረ እዩ። መጀመርያ ኣብ መሚእቲ ዓመት ድሒሩ ኣብ ሓሓምሳ ዓመት ሕጂ ከኣ ኣብ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ዝግበር ዘሎ፣ ብፍሉይ ብዛዕባቲ ከድኅነና ዝመጸን ዝተበጀወን ዝተንሥኣን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እነስተንትነሉ ፍሉይ ወርቃዊ ጊዜ እዩ እሞ፣ *"ሃየ እምበኣር፣ እንሆ ፈረስ! እንሆ ሜዳ!"* ይበሃለና ኣሎ። ስለዚ፣ "በቲ ንኣምላኽን ንጐይታና ኢየሱስን ዘሎኩም ፍልጠት ጸጋን ሰላምን ይብዝኃልኩም" (2 ጴጥ 1:2)። ዝተባረኸን ፍርያምን ዓመት ኢዮቤል ይግበረልና። ኣሜን።

ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን

ተ/ሚ/መ/ ተስፋማርያም

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ሊቀ ጳጳሳት ዘበኤርትራ

ጉባኤ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ
Metropolitan Catholic Church - Sui iuris
Council of Catholic Hierarchs, Eritrea